



# *In Loving Memory*



## Ogbagebriel Embaye Gebrembedbin

**3rd March 1941 - 28th December 2022**

Church service venue:
Our Lady of Fatima Catholic Church
13:00 - 18:00

# Order of Service

Conducted by Abba Ephrem Andom

**Entrance Hymn/መእተዊ መዝሙር**

By Medhane Alem Choir

**Opening address/መኽፈቲ መልእኽቲ**

By Abba Ephrem Andom

**Mass will be in Gheez Rite/**

**ስነ ስርዓት ቅዳሴ ብስርዓት ግእዝ**

**Readings/ንባብ ክፍሊ ጽሑፍ**

**1st Reading /1ይ ክፍለ ንባብ**

1 Corinthians 15:42-58

**Gospel Reading/ንባብ ወንጌል**

John 6:35-59

**Congregational Hymn during Holy Communion**

By Medhane Alem Choir

**Special Tributes**

Short life story by Mr Semere Asefaw

Thank you message from the family by Mr Isaias Ogbagebriel

Eulogy by Ogbagebriel Embaye's Grandchildren

**Requiem prayer/ጸሎት ፍትሓት**

By Abba Ephrem Andom

**Exit Hymn/መዕጸዊ መዝሙር**

ታሪኽ ሂወት

ናይ ኣቦና ዑ/ኤል እምባዬ

ኣቶ ዑቕባገብርኤል እምባዬ ካብ ወላዲኦም ክቡር ነ/ሔር እምባዬ ገ/መድህን ካብ ክብርቲ ወላዲቶም ነ/ሔር ለተገርግስ ባህታ ብዕለት 03 መጋቢት 1941 ኣብ መበቆል ዓዶም ኣኽሩር (ጸንዓደግለ) ዞባ ደቡብ: ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ተወሊዶም።
ኣቦና ዑቕባገብርኤል ኣብ መንጎ 2 ኣዋልድን 3 ኣወዳትን ብጠቕላላ 5 የሕዋት ነበሩ:
ኣቦና ዑቕባገብርኤል ንስድርኦም ካብ 6 መበል 5ይ ውሉድ እዮም ዝነበሩ።
ኣቡኡ ወላዲኡን ወላዲት ኣዲኡን ኩሎም ኣሕዋቱን ኣሓቱን ወሲኽካ ካብዛ ዓለም ብሞት ዝተፈለዩ ክኾኑ እንከለዉ ካብ ኩሎም ንብሕቱ ስም ቤቱ ክሕሉ ዝጸንሐ ኣቦ እዩ ኔሩ።

ኣቶ ዑ/ኤል ኣብዛ ዓለም ን 81 ዓመታት ኣብ ዝጸንሕሉ ብዙሕ ብቃላት ክግለጹ ዝኽብዱ ስራሓት እኳ እንተለዎም ብኽፉል ግን ብኽምዚ ዝሰዕብ ክግለጽ ይክኣል።
ወለዱ ኣብ ገጠር ዝነብሩ ብምንባሮም ናይ ፈለሚ ትምህርቱ ኣብ ኣኽሩር እዩ ተጀሚሩ። ምስቲ ናይ ናይ ትምህርቲ ዝነበሮ ጽምኣትን ድልየትን ዝነብረሉ ዝነበረ ገጠርን ስድርኡን ገዲፉ እዩ ኣብ ከባቢ 10 ዓመት ዕድሚኡ ናብ ከተማ ኣስመራ ዝኣተወ።
ድሕሪ እዚ ተባዕ ውሳኔ ኣተኩርኡ ናብ ትምህርቲ ብምግባር ምስ ሓው ኣብኡ ክቡር ኣቦና ነ/ሔር ምሕረትኣብ ገ/መድህን ክነብር ጀመረ።
ድሒሪኡ ድማ ኣብ ካተሊካዊት ሚስዮን ተዓቁቡ ናይ መንፈሳውን ኣካዳሚያውን ትምህርቱ እንዳተኸታተለን እዩ ሂወቱ ክቕጽል ዝመረጸ።
ድሒሩ እቲ ናይ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኣወንዚፉ ዓውዲ ምምህርና ብምምራጽ ናብኡ ኣተኩሩ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ: ንዝተዋህቦ ኮርስ ወዲኡ ናይ ፈለማ ምምህርና ሂወቱ ዝጀመረሉ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣበሁነይ ዝብሃል ገጠር እዩ።
በዚ ሞያ ምምህርና ንቁሩብ ዓመታት ከገልግል ድሕሪ ምጽናሕ: ብዝረኸቦ ካልእ ናይ ስራሕ ዕድል: ናይ ምምህርና ሞይኡ ገዲፉ ነቲ ንሂወተይ ክቅይር ይኽእል እዩ ኢሉ ዝሓሰቦ ስራሕ ኣብ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ንዝወጸ ናይ ስራሕ ዕድል ብምጥቃም ንዝተዋህቦ ፈተና ብምሕላፍ ስርሑ ጀመረ።
ካብታ ስራሕ ዝጀመረላ ዕለት ንኣስታት 45 ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሓላፍነት ጽፍሕታት ብምግልጋል ክሳብ ናጽነት ብእምነት ኣገልጊሉ ።
ቀጺሉ እውን ድሕሪ ናጽነት ኣብ መንገዲ ኣየር ኤርትራ ብተመሳሳሊ ስራሕ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ናብ ዓዲ እንግሊዝ መጺኡ ምስ ደቁን ደቂ ደቁን ብሓጎስ ክነብር ጀሚሩ።
ኣቶ ዑ/ኤል እምባዬ ምስ ክብርቲ በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ኣበባ ዳዊት ብዕለት 16 ጥሪ 1966 ዝገበርዎ ቃል ኪዳን ክሳብ ዕለተ ሕልፈቱ ብፍቅርን ምርድዳእን ን56 ዓመታት ጎኒ መስሪቶም ድሕሪ ምጽናሕ እዩ ሎሚ እዛ ማንም ዘይመልሳ ሞት ካብ ኩልና ትፈላልዮም ዘላ።
ኣቶ ዑ/ኤል ኣቦ 4 ኣዋልድን 7 ኣወዳትን ብሓፈሻ 11 ካብ ኣብራኹ ዝወጹ ውሉዳት እዮም ኣፍርዮም።
ካብዚኦም 2 ኣዋልድን 1 ወድን ብባህርያዊ ሞትን መስዋእትን ክፍለዩና እንከለዉ ልዕሊ 22 ናይ ውሉድ ውሉዳት ዝርኣዩ ብደቁን ደቂ ደቁን ዝተኸበ ዕድለኛን ምሩቕን ኣቦ እዮም ዝነበሩ።
ኣቦና ክሳብ እዛ ዕለት ሞቱ ዝነበሮ ባህርያት ንማንም ሰብ ዝገርሞን ፍሉይ ትዕድልቲ ኔርዎ።
እዚ ድማ ወትሩ ከም ስንቂ ካብ ጎድኑ ዘይፍለዮ ዘይቅየር መርሆ

- 1. "ጽቡቕ ንርእሱ ሕማቑ ንርእሱ"
- 2. "ጽቡቕ ግበር ንመን ንማንም"
- 3. " ንኹሉ ብዓቕሊ ሕለፍዎ ወዘተ...

እንዳበለ ንኹሉ ብስቅታን ብዓቕልን እዩ ዝሰዕሮ ስቅታ ክብረት እዩ ኣብ ሰቅታ ኩሉ ነገር ኣሎ'ዩ ዝብል ዝነረ።
ብስቅታ ድማ እንሆ ነዛ ዓለም ሓዲግዋ ናብታ ሰማትዊትን ሰላማዊት ዝኾነት ቤቱ ገዲፉና ከይዱ።
ኣቦና ኣብ ሕዋቱን ወለዱን ደቁን ዝነበሮ ፍሉይ ፍቅሪ ክትዕዘብ እንከለኻ ብጣዕሚ ትቕንእ: እቶም ውሉዳቱ ድማ ከምንብሱ ከምቲ ክንኮነሉ ኢሉ ዝምነዮ: ብስርዓትን ፈሪሃ እግዚኣብሔር ክህልወና ወትሩ ናብ ቤት ኣምላኽ ክንመላለስን ኣብ ቤቱ ከምንልግልን ጌሩ ዝኾስኮሰና: ከም ትምኒቱን ጻዕሩን ንሕና ድማ ወትሩ ህርድግ ንብል ናቱ ኣሰር ክንክተል: ናቱ ግን ፍልይ ዝበለ እዩ ኔሩ።
ካብኡ ሓሊፉ ንደቂ ደቁን ኣሰብኡትን እንስቲ ደቁን ብማዕረ እንዳርኣየ እኳ ድኣ ሓለፋ ዘለዎ ክብረት እንዳሃበ እንሆ ፍቅሪ ሂቡን ፍቅሪ ምሂሩናን ሎሚ ንሓዋሩ ንፉነዎ ኣሎና።
ነቦና ፈጣሪ ኣብ የማናይ ዞፋኑ ይቀበለልና ።
የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ።

11 ጥሪ 2023

ወዲ እባይ ሓላል እታይታ ረከበካ
ኣቶ ዕቅባ ገብርኤል ኣቦ ዓዲ እታይ ረከበካ ሃንደበት ኮይኑኒ መገሻካ

ወየ ወየ ወየ ሓነታይ ጎብለል ተዘሚተ
ወየ ወየ ወየ ዓቃል ውልቓያነስ ባሕሪ ተዘሚተ
ዋየ ወየ ወየ ወዲ ሰገን ራእሲ ተሰማ ተዘሚተ
ወየ ወየ ወየ ወዲ ዓባይ ዓዲ ኣሩሩር ጽንዓደግለ ተዘሚተ

ንጉስ ኣቦ ዓቅሊ ኸመይ ዲካ ነርካ
ኣማካሪ ሓላይ ኣቦ ዓቕሊ
ፍጹም ዘይተርኢ ጸልኢ ተቀዚካ
ከለካ ደሓን ኢየ ባሃሊ
ዓለም ሹሉ ምሉ ዓለም ሹሉ ምሉ
ንኩሉ በብሓደ ኣርኺብክሉ

ወሊድካ ኢካ ናካ ዝመስላ ወዕሮታት ወሓላሉ
ወሊድካ ኢካ ናካ ዝመስሉ ጀጋኑ ወሓላሉ
ናይ መን ደኣ ኽወሰዱ ሙሩቃት ብንጉሁኡ

ማዕዳ ን
ምርቃ ን
ክብር ን
ፍቕሪ ን
ኮሰኽስካ ዘዕበካ ኩቡር ኣቦ ኢካ
መንግስተ ሶማይ የዋርስካ
ንኩሎም ስድራቤት ራሕስካ ግደፍ ኢካ
ወዲ ሰገን ኣኩሩር ዝዓበካ
ገርሂ ጻዕዳ ዝልብካ
ሓላል ወዲ ቡሩኽ መረት እዲካ
ወድዞም ብርካት ስድራ ነርካ
እታይ እሞ ዓለም በዲላትና እበር ኣበሳ ነርካ
ኩሉ ዝብህገካ እታይ እሞ ዓለም ወሲዳትካ
እበር ብሩኽ ኣማካሪ ነርካ
በል እግዝኣብሄር ካብ ዝጸውዓካ
መንግስተ ሶማይ ይቀበልካ

ንኩሎም ስድራቢት ጽንዓት
የሃብኩም ፍቃድ ኣምላክ ካብ ኮነ እታይ ይብሃል ኮይኑ

ዓወት
Chento

ቡሩኽ ኣቦ
ሓላል ኣቦ
ሰማዕ ኣቦ
ትሑት ኣቦ
ናይ ቡዙሓት ኣቦ
ጽን በሃላይ ኣቦ
ተጸማማይ ኣቦ
ተዋዛያይ ኣቦ
መሃራይ ኣቦ
ናይ ታሪኽ ኣቦ
ናይ ትሕትና ኣቦ
ተጸማማይ ኣቦ
ሰራሕተኛ ኣቦ
ጸዓራይ ኣቦ
ጉልበተኛ ኣቦ
ወዲ ዓቢ ዓዲ ዓቢ ኣቦ
ጸሎተኛ ኣቦ
ኣብነታዊ ኣቦ
ዝምስገን ኣቦ
ዝፍቶ ኣቦ
ናይ መቑጸርያ ኣቦ
መምህር ሂወት ኣቦ
ዑቁባ ናይ ገብርኤል ኣቦ
ናይ ደቂ ደቂ ኣቦ
ከምዚ ናትኩምሲ እ/ር ዝሃቦ
ጉዕዞ ቅዱሳን ሰናይ ጉዕዞ ኣቦ

ሐው በረኸት ብርሀነመስቀል





